
መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen


ተርጓሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ንጉስ ዳዊት ዓብዪ ናይ ኣምላኽ ሰብ ነበረ፡ ኣብ ግዜ መንግስቱ እስራኤል ካብ መንግስቲ ንጉስ ሳኦል ብዓሰርተ ዕጽፊ ዓብያ ነይራ፡ ዳዊት ድማ ኣሪጉን ደኺሙን፡ ሓሚሙን ነይሩ ክገዝእ ድማ ኣይከኣለን፡ ናይ ምድሪ ህይወቱ ድማ ናብ መፈጸምትኡ ይቃረብ ነበረ።






ሓደ ኻብቶም ብዙሓት ደቂ ዳዊት ዝኾነ ኣዶንያስ ንሱ ከም ዝነግስ ንህዝቢ እስራኤል ነገሮም። ስሙ "ኣምላኸ ጎይታይ ኢዩ" ዝብል ዋላኳ እንተነበረ፡ ኣዶንያስ ቅኑዕ ሰብ ኣይነበረን፡ ንጉስ ዳዊት ኣዝዩ ከም ዝደኸመን መንግስቱ ክከላኸል ከም ዘይክእልን ስለ ዝፈለጠ ነቲ ስልጣን ክወስዶ መደበ።



በርሳቤህ ሰበይቲ ዳዊት ሰሎሞን ወዳ ከም
ዝነግስ ትፈልጥ ነበረት፡ ንዳዊት ከኣ
ብዛዕባ መደባት ኣዶንያስ ነገረቶ፡ ዳዊት
ሓሚሙ እኳ እንተ ነበረ ነቶም መራሕቲ
እስራኤል ኣኪቡ ንሰሎሞን ኣብ ቅድሚ
ህዝቢ ንጉስ እስራኤል ገበሮ ።

ህዝቢ እስራኤል ንዳዊት ስለ ዝኣምኖ፡ ሰሎሞን ካብ ኣዶንያስ ብዙሕ ሽግር ኣይገጠሞን፡ ዳዊት ን ህዝቢ እስራኤል ኣምላኽ ንጉሶም ክኸውን ከም ዝመረጾ ነገሮም፡ ድሕርዚ ነዊሕ ከይጸንሐ ዳዊት ሞተ።






ዳዊት ቅድሚ ሞቱ ንሰሎሞን ብዛዕባ ንኣምላኽ ምእዛዝን፡ ቅኑዕ ንጉስ ምዃንን ነገሮ፡ ዳዊት ድማ "ብኹሉ ነገርካ ምእንቲ ክቀንዓካ ብመንገዲ ኣምላኽ ተመላለሱ" ኢሉ ጽቡቅ ምኽሪ ሃቦ፡ ሽዑ ሰሎሞን ኣብ ዝፋኑ ኣቦኡ ዳዊት ተቐመጠ መንግስቱ ድማ ጸኒዓ ቼመት።


ሰሎሞን ሓደ ለይቲ ሕልሚ ሓለመ፡ ኣምላኽ ብሕልሙ ተራእዮ እሞ
"ሕተተኒ እንታይ ክህበካ ትደሊ በሎ፡ ንስኻ እንተ
ትኽውን እንታይ ምሓተትካ፡ ሰሎሞን
ንፉዕ ንጉስ ንምኳን ካብ
ኣምላኽ ጥበብ ሓተተ፡
እዚ ድማ ንኣምላኽ
ኣሐጎሶ፡ ሰሎሞን
ነቲ ዝሓተቶ እኳ
እንተ ረኸቦ
ኣምላኽ ግና
ተወሳኺ ብዙሕ
ሃብትን ክብርን
ከም ዝህቦ
መብጽዓ ኣተወሉ።





ሰባት ጥበብ ሰሎሞን ከስተውዕሉ ነዊሕ ኣይወሰደሎምን፡ ሓደ መዓልቲ ክልተ ኣዴታት ሓደ ሕጻን ሒዘን ናብኡ መጺአን፡ እታ ሓንቲ ሰበይቲ "ወዲ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ብለይቲ ሞተ ነቲ ዝሞተ ሕጻና በቲ ብህይወት ዘለ ወደይ ቀየረቶ በለት፡ እታ ካልእ ሰበይቲ ድማ ኣይፋልን፡ እዚ ብህይወት ዘሎ ወደይ እቲ ምዉት ከኣ ወድኺ ኢዩ በለታ፡ እታ ሓደኛ ኣደ እቲ ህጻን መን ምዃና እቲ ንጉስ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል።

ሽዑ እቲ ንጉስ "ሰይፊ ኣምጽኡለይ" በለ፡ ሰይፊ ውን ኣምጽእሉ፡
እቲ ንጉስ ብሰይፊ እንታይ ኪገብር ዝሓሰበ ይመስለካ፡



እቲ ንጉስ ድማ "ነቲ ህያው ሕጻን ኣብ ክልተ ቆሪጽኩም ንፍርቂ እቲ ሓደ ፍርቂ ነታ ሓንቲ እቲ ሓደ ፍርቂ ድማ ነታ ካልእ ሃብዋ ብለ፡ ኣደ እቲ ብህይወት ዘሎ ሕጻን ግን "ጐይታይ ነዚ ብህይወት ዘሎ ሕጻን ሃባ ከቶ ኣይትቕተሎ፡ ንዓኣ ሃብዋ በለት፡



እታ ካልእ ሰበይቲ ግን፡ ኣብ
ክልተ ቁረጽዎ እምበር ናተይ
ወይ ናታ ኣይኹን በለት።





እቲ ንጉስ ከኣ "እቲ ህያው ህጻን ነታ ቐዳመይቲ ሰበይቲ ሃብዋ፡ ኣደ እቲ ህጻን ንሳ ኢያ በሎም፡ ኩሉ እስራኤል ድማ ብዛዕባ እቲ ፍርዲ ሰምዑ ነቲ ንጉስ ኣኽበሮ፡ ጥበብ ኣምላኽ ምስኡ ኸም ዘሎ ድማ ኣስተውዓለ ።


ህዝቢ እስራኤል ንኣምላኽ ዘመልኽሉ ቤተ መቕደስ ኣይነበሮን፡ ዳዊት ነዛ ቤት መቅደስ ክሃንጽ ሓሳብ ነይርዎ፡ ኣምላኽ ግን ን ዳዊት "ወሉድካ ንስመይ ቤት ክሃንጻለይ እዩ በሎ፡ ስለዚ ሰሎሞን ኣብ ኢየሩሳሌም ዜደንቕ ቤተ መቕደስ ኪሃንጽ ጀመረ ።




ነታ ቤተ መቕደስ ንምህናጽ
ሸውዓተ ዓመት ወሰደ፡ ሰሎሞን
ነታ ቤተ መቕደስ ን
እግዚኣብሔር ክውፍያ ከሎ ግን
እቲ ህዝቢ ክሰምዕ ተኣከበ፡
ዓባይ መዓልቲ ድማ ነበረት።



እቲ ንጉስን እቲ ህዝብን ብሉጽ
ጸሎት ድሕሪ ምቕራቦም፡ ኣሽሓት
መስዋእትታት ኣቕረቡ ንኽልተ
ሰሙን ድማ ዓብዩ ድግስ ገበሩ።



ኣምላኽ እንደገና ንሰሎሞን ተራእዩ፣
እንተ ተኣዘዝኩም ክባርኸኩም
እየ ኢሉ ድማ ንሰለሙንን
እስራኤላዊያንን ተመባጽዓሎም።







እቲ ዜሕዝን ግን ሰሎሞን ኰነ እቲ ህዝቢ ንኣምላኽ ኲሉ ግዜ እዘዛት ኣይነበሩን፡ እቲ ንጉስ ኣምላኽ ዘይደልየን ብዙሓት ኣንስቲ ኣእተወ፡ እተን ኣረማውያን ኣንስቱ ድማ ልቡ ካብ ኣምላኽ ክሸፍትን ደድሕሪ ጣኦታት ክስዕብ ገበርኦ፣ በዚ ድማ ልቡ ኸም ልቢ ኣቦኡ ዳዊት ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ እሙን ኣይነበረን።



ሰሎሞን ንኣምላኽ ክእዘዞ ዝነበሮ ዕድል ስለ ዝሓለፈ፡ ሓደ ኻብቶም ገላዉኡ ዝነበረ የሮብዓም ፍሉይ ዝኾነ ነገር ኣጋጠሞ፡ ሓደ ነብዩ ኣምላኽ ንመንግስቲ ሰሎሞን ከም ዝኸፍላን የሮብዓም ድማ ኣብቶም ዓሰርተው ነገዳት ከም ዘንግሶ ነገሮ፡ የሮብዓም ድማ ኣብቲ ዘለዎ እንተ ድኣ ተጸብዩ፡ ሰለሙን ከም ዝቀትሎ ፈሊጡ ናብ ግብጺ ሃደመ።





ንጉስ ሰሎሞን ድማ ሞተ፣ ሮብዓም ወዱ ድማ ኻብቲ ሰሎሞን ነቲ ህዝቢ ካብቲ ሰለሙን ዝገበሮ ዝገደደ ግብሪ የክፍሎም ነይሩ፣ በዚ ድማ ዓሰርተ ነገዳት ካብ ሮብዓም ዓለዉ፣ ንየሮብዓም ከኣ መራሒኦም ኪኸውን መረጽዎ፣ እታ ዓባይ መንግስቲ ሰሎሞን ድማ

ከምቲ ነብዩ ኣምላኽ ዝበሎ ኣብ ክልተ ተመቕለት ኣምላኽ ንዘይምእዛዝ ኣይባርኽን ኢዩ።

ጥበበኛ ንጉስ ሰሎሞን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ነገስት 1-12

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፡130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16